# <u>ተጋዳላይ ግዳይ ድዩ ወይስ ጠንቂ</u>
# <u>ናይቲ ጉዕዙይ ህግደፋዊ ፖሊሲ</u>

**<u>ታደሰ ኪዳነ     በርሚንግሃም</u>**

**<u>30/11/2015</u>**

**<u>2ይ ክፋል</u>**

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይ ጽሑፈይ፡ ከምዚ ክብል ኢየ ተፋንየኩም። "እቶም ግዳያት ናይ ዘይውርዙይ ዘለፋታት ኮይኖም ዘለዉ፡ ሃገራዊ መንነት ዘዕተሩ ጀጋኑ ተጋድልቲ፡ ኣብታ ብደሞም ዝተረጋገጸት፡ ብግህደፍ `ቁማር` ዝተባህለት ሃገሮም፡ ነቲ ብዕጽፍጻፍ ዝዓብዮም ጸላኢ ስዒሮም ናጽነት ድሕሪ ምርግጋጾም፡ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይነብሩ ከም ዝነበሩን ከም ዘለዉን ውሑድ ኣብነታት ወሲደ፡ ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጽ ኢየ።"
ነዚ ቀዳማይ ክፋል ድሕሪ ምጽሓፈይ ግን፡ ብዙሕ ክትዓት ከም ዝተላዕሉ ተዓዚበ ኣለኹ። ገለ ካብኡ "እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ቅንጸላን ጭውያን፡ ቀደም ካብ እዋን ገድሊ ዝነበረ እንድዩ፡ ነቲ ገድሊ`ሽ ተጋደልቲ እንድዮም ተሰኪሞሞ መጺኦም. . . " ዝብል ይርከቦ። እዚ ሕቶ`ዚ ብርግጽ መልሲ ዘድልዮ ኢዩ። **ብፍላይ ነቲ ንዝተወሰኑ ቀጸላታት ናይቲ ሕ/ሰብ ኣልዒልካ ዝግበር ቅንጸላ፡** ኣመጻጽኣኡን ቀንዲ ዓላማኡን ሳዕቤኑን፡ ምስ ተመክሮ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣዛሚድካ ምርኣይ ስለ ዘድሊ፡ ንተመክሮና ኣብ ገድልን፡ ድሕሪ ናጽነትን እናኣዛመድኩ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ጽሑፈይ (4ይ ክፋል) ብፍሉይ ከብርሆ ክፍትን ኢየ።
ንሎሚ ግን ናብቲ ኣቐዲመ ዘዳለኹዎ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ ኢየ።

## <u>ኩነታት ተጋደልቲ ድሕሪ ናጽነት</u>

ኣብዚ እውን ኣብ ኩነታት ናይቶም ኣብ 1991 ዓ.ም ነቲ ብዕጽፍጻፍ ዝዓብዮም ጸላኢ ስዒሮም ኣስመራ ዝኣተዉ ተጋደልቲ ኢየ ክዛረብ። ምኽንያቱ መብዛሕትኦም እቶም ኣብ 1981 ዓ.ም ካብ ሜዳ ኤርትራ ሱዳን ዝኣተዉ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብተን ዝሰዓባ ዓሰርተ ዓመታት (1981 – 1991 ዓ.ም) ንብዙሕ ሽግራትን ተጻብኦታትን ሰጊሮም ውልቃዊ ሲቪላዊ ህይወቶም ሰሪዕም ነይሮም ኢዮም። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ግን ኣብ 1991 ዓ.ም  (ዓመተ- ናጽነት) ብዓወት ኣስመራ ድሕሪ ምእታዎም፡ ብሓገዝ መራሕቶምን ህዝቦምን ናብ ስሩዕ ሲቢላዊ ህይወት ክሰጋገሩ ኢዮም ተጸብዮም። ካብ ህዝቢ ዝረኸብዎ ክብርን ንምሕጋዞም ዝነበረ ድሌትን`ውን ዝነኣድ ኢዩ ነይሩ። ካብ መራሕቶምን ካብቲ `ናትና ኢዩ` ኢሎም ዝሓብሓብዎ ውድብን ዝረኸብዎ ግበረ-መልሲ ግን ክቕበልዎስ ይትረፍ፡ ነቲ ኣንጻሮም ዝፍጸም ዝነበረ በደል ክኣምንዎ`ውን ኣይከኣሉን። ህግደፍ ገፋዒ ስርዓት እንተኾይኑ፡ ቀዳሞት ግዳያቱ፡ እዞም ሕጂ ዝዝንጠሉን ብዓይኒ ጽልኢ ንኽረኣዩ ዝጉስጎሰሎም ዘሎን ተጋደልቱ ኢዮም ነይሮም። ካብዚ ቀጺለ እምበኣር፡ ገለ ካብቲ ህግደፍ (ከም መጠን ቀዳማይ ጸላኢኦም) ዝተፈላለየ ምኽንያታት ፈጢሩ፡ ውሑድ ካብቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝፈጸሞ በደል ክጠቅስ ኢየ።

### 1. <u>ንኣርባዕተ ዓመታት ብዘይ ገለ ክፍሊት ከም ዝሰርሑ ተገይሩ፡ -</u>

ተጋደልቲ ንስለ ናጽነት ሃገሮምን ክብሪ ህዝቦምን ካብ ምስንካል ክሳብ ህይወት ክኸፍሉ ከለዉ፡ ሞሳን ካሕሳን ኣይሓተቱን። እቲ ዝገበርዎ ሃዋርያዊ ስራሕ ተመሊሱ ክሃስዮም ግን ኣይተጸበዩን። ኩናት ተወዲኡ ካብ መታኸሲ ጎዳጉድን ካናለታትን  ወጺኦም፡ ኣብ ማእከል`ቲ ህዝቢ ምስ ኣተዉ ግን፡ ህዝቢ ዝበልዖ ክበልዑ፡ ህዝቢ ዝሰተዮ ክሰትዩ፡ ሰብ ዝተኸድኖ ክኸደኑ ጥራይ ኢዩ ነይሩ ድሌቶም። ብኣንጻሩ "ንኣርባዕተ ዓመታት ብዘይ ክፍሊት ክትጸንሑ ኢኹም" ተባሂሎም፡ ሓመዶም ዝነግፍሉ መግዝኢ ሳምናን ንክዳኖም መቀየሪ ዝኸውን ገንዘብን ኢዮም ተኸሊኦም።  ተጋዳላይ ኣብ ቤት-ቁርሲ ኣትዩ ከብዱ ክዕንግል ኮነ ደስ ኢላቶ ሓንቲ ኩባያ ሻሂ ክሰቲ እንተደልዩ፡ ምስኡ ዝደናገጽ ዘመድ ኣብ ጥቕኡ ክጸንሕ ነይሩዎ። ደስ ዝበለቶ ስረ ወይ ካምቻ ገዚኡ ንሰቡ ክመስል እንተኾይኑ`ውን፡ ገንዘብ ዝሓዘ፡ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ወይ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝጸንሐ ርህሩህ ቤተ-ሰብ ክረክብ ነይሩዎ። ካብን ናብን ክንቀሳቐስ፡ ዋላ ቤተሰቡ ክበጽሕ`ውን እንተኾነ፡ `ቲኬት ቆሪጽካ፡ ኣብ ኣውቶቡስ ወንበር ሒዝካ ከም ሰብካ ኮሪዕካ ምንቅስቓስ` ንዕኡ ዝምልከት ኣይነበረን። ትዕድልቱ ኣብ ፈቐዶ ጽርግያታት

ንዝሓልፉ መካይን ኢዱ ዊጥ ኣቢሉ፡ ደንጊጾም ክማልእዎ ክልምን ነይሩዎ። ንዝዓረቑን ዝጠመዩን - ደቁን ስድራ-ቤቱን ክዕንግል እንተኾይኑ፡ ኣብ ፈቖዶ ቶሚናት ናይቲ ውድብ ክልምንን ምስቶም ቅድም መጋድልቱ ዝነበሩ፡ ሽዑ ናብ ኀይቶት ዝቅየሩ ዝነበሩ ሓለፍቲ ክመጻደቕ ኢዩ ተፈሪዱዎ። **እቲ ክቡር ተጋዳላይ ከይተፈለጦ ናብ ለማናይ ተቐይሩ።**

ናብራ ክገብር ዝተመርዓወን ጎራዙ ክጥውረንን ክኣልየንን ስለ ዘይከኣለ በብዝኸዶ ክፈትሐን ተገዲዱ። ሕጂ`ውን ከይተረድአ ናብ **ጠላም** ተቐይሩ። ከም ተራ ሰብ፡ ገዛ ተኻርዩ ነብሱ ክሰርዕ ስለ ዘይከኣለ ድማ ናብ ቤተ ስቡን ኣዝማዱን ተጸጊዑ ክነብር ተራእዩ። በዚ ድማ ተጋዳላይ፡ ሓውኻ ወይ መቕርብካ ስለ ዝኾነ ጥራይ ደንጊጽካ እተዕቁቦ **ጽግዕተኛ** ኮይኑ። ብእኩብ ዋላ ውሑድ ይኹን ነብሱ ዘማሓድረሉ ደሞዝ ምስ ሓተተ ድማ ከብዱ ብጥሙዩ **“ተጋደልቲ ጸጊቦም”** ተባሂሉ። ሳዕቤኑ ዘይተረደአ ምስኪን ህዝቢ ድማ ፡ ነቲ “ጸጊቦም” ዝብል ቃል ከደጋግሞ ይስማዕ ነይሩ።

ከምዚ ኢሉ ድማ እቲ ዕሩቕ ዝባኑን ጥራይ ጅቡኡን ዝኣተወ ጅግና፡ ናብ ዝድንገጸሉ ትሕቲ ድኻ - በተኽ ተቐይሩ። እዚ ዝተገብረሉ ምኽንያት ድማ እቲ ክብሪ ህዝቡ ክመልስ ህይወት ዝኸፍል ዝነበረ ተጋዳላይ **“ኣነ ምእንቲ ህዝቢ እምበር ንስለ ስልጣን ውልቀ-ሰብ ኢለ ኣይተጋደልኩን**” ብምባል፡ ኣብ ልዕሊ`ቶም ናብ መለኽትን መጻይትን ዝቕየሩ ዝነበሩ መራሕቲ ኣብያን ተቃውሞን ምስ ዘልዕል፡ ከም ሓደ ድኻን ዝድንገጾን ፍጡር መጠን፡ ኣብ ህዝቢ ጽልዋን ተሰማዕነትን ከም ዘይህልዎ ንምግባሩ ኢዩ። **ተጋዳላይ ምስ ተናዕቀ ድማ ቃልስን ንስለ ህዝብን ሃገርን ተወፋይነት ተናዒቑ**። ካብ ምንዓቕ ሓሊፉ ምስተዳኸመን ምስቲ ህዝቢ ማይን ዘይትን ምስኮነን ድማ፡ እቲ ብገርሁ ዝጸንሐ ህዝቢ ብምሉኡ ዝከላኸለሉን ዝጣበቐሉን ስኢኑ፡ ነብሱን ደቁን ተበታቲኑ ብጎረባብቱን ዓለምን ተናዒቑ። እቲ ንዕቀትን ሳዕቤናቱን ድማ ኣብ ተጋደልቲ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ብምልእታ እታ ሃገርን ኣብ ብምሉኡ እቲ ህዝብን ንርእዩ ኣለና። ኤርትራዊ ተናዒቑ፡ ኮላሊቱን ናውቲ ከብዱን ንዕዳጋ ወሪዱ። ሃገር ተዋሪዳ መስሓቕ ሽራፋት ኮይና። እቲ “ሃገርና ገንዘብ የብላን!” እናተባህለ፡ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝተበየነ ናይ ድኽነት እገዳ ኣምበኣር፡ ልዕሊ ቁጠባ ዝኸይድ ፖለቲካዊ ዕላማ ነይሩዎ ኢዩ።

ነቲ ንተጋደልቲ ካብ ድኽነት ናብ በተኻት ዝቕይር መስርሕ ዝተዓዘቡ ተራን ሓለፍትን ናይቲ ውድብ፡ በብመንገዶም (ብዘይተወደበ መንገዲ) ንመሪሕነት ናይቲ ውድብ ዓገብ ክብሉ ጀሚሮም። ከም መልሰ ተግባር ናይቲ በብግዝይኡ ዝመጽአ ዝነበረ ጥርዓናት፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ናይ ሎሚ ፕረዚደንት ኣብ ቪድዮ ብዝተቐርጸ ድምጺ ንኣርባዕተ ዓመት ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ከገልግሉ ምኻኖም ዝገልጽ መምርሒ ብምዝርጋሕ፡ ነቲ ኣዕናዊ ፖሊሲኡ ብወግዕ ከም ዝገለጸ ኩልና እንዝክሮ ኢዩ። እቲ ኣብ 20 ግንቦት 1993 ዓ.ም ዝተገብረ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ትሕዝቶ ዝነበሮ ናይ ተጋደልቲ ናዕቢ ድማ ሳዕቤን ናቱ ኢዩ።

## 2. ተጋደልቲ ኣብ ትካላት ፎርኖን ሕርሻታት ዓሊ-ግድርን፡ -

ናይ 20 ግንቦት ናዕቢ ብዘይንሕስያ ብሓይሊ ምስ ተጨፍለቐ፡ መራሕቲ ናይቲ ውድብ፡ ብፍሉይ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቶም ዘነጻጸረ ኲናት ኣዊጆም። ነቲ ኣብ ውዑይ ዕድመ ዝነበረ (ናይ 1990/91) ክፋል ተጋዳላይ ብውሑድ መዐሽዊ ገንዘብ ሰጒጉሞ። ነቲ “ኣብ ሲቪላዊ ዓለም ኣትዩ፡ ተወዳዲሩ ህይወቱ ክሰርዕ ኣይክእልን ኢዩ” ንዝበልዎ ድኹም ክፋሉ ኣጣይሶም፡ ነቲ ብመውጋእቲ ዝማህመነን ዝሰንከለን ክፋሉ ድማ፡ ነተን ብስም መማቕርቲ ወርሓዊ ዝወሃብኦ ዝነበራ ገንዘብ ዘሪፎም፡ ኣብ መዓስከር ማይ-ሓባር ኣኪቦም ናብ ሓውሲ እሱር ቀይሮሞ። እዞም ብጸቕጥን ምድፍፋእን ኣብቲ መዓስከር ዝተኣከቡ ስንኩላን`ውን ስቕ ኣይበሉን። ዝለዓለ ጥርዚ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝወረደ ውርደትን ሕስረትን ድማ፡ እቲ ኣብ 1994 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ማይ-ሓባር ዝውረደ ኢሰብኣዊ ቅንጸላ ኢዩ።

ቅንጸላ ስንኩላን ማይ-ሓባር ኣብ መሪሕነት ናይቲ ውድብ ዓቢ ስንባደ ፈጢሩ ኢዩ። እዚ ናብ ቅንጸላ ዘብጽሐ - ናይ ስንኩላን ናይ መሰል ሕቶ፡ ቁጠባዊ መበገሲ ጥራይ ከም ዝነበሮ ኣምሲሎም ድማ ቁጠባዊ ውዲት ኣዳልዮሙሉ። ገለ ካብኡ ድማ ፕሮጀክት ሕርሻ ዓሊ-ግድርን ትካላት ፎርኖ ስንኩላንን ነይሩ። ነቲ ባዕሉ ጠፍጢፉ ዘቖሞ ማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማስኲተኤ) ዝብል ማሕበር ድማ ከም ቀንዲ

መሳርሒ ግህሰት መሰል ስንክላን ተጠቒሙሉ ኢዩ። ንክልቲኡ ቁጠባዊ ውዲታት ፈላሊኺ ምርእዩ ድማ ሓጋዚ እመስለኒ።

***<u>ሀ. ፕሮጀክት ሕርሻ ዓሊ-ግድር፡</u>*** - ብዛዕባ`ዚ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ደቂቕ መጽናዕቲ ከም ዘድሊ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ስደት ኮንካ፡ ንዝርዝር ሰነዳቱ ከይተወከስካ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ንምቕራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ከም ዕላማ ንቁጠባዊ ሕቶ ጥዩሳት ተጋደልቲ ንምምላስ ዝቀረበ ተንኮል ምዃኑ ግን ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣቲ ፕሮጀክት ካብ ቀንዲ ምምሕዳር መንግስቲ ርሒቑ ኣብ ኣዝዩ ዓሳዊ ቦታ ምግባሩ ድማ ነቶም `ኣዕገርገርቲ` ድምጾም ናብ ዘይስማዓሉ ቦታ ንምእላዮም ዝተገብረ ስለ ዝነበረ፡ ፖሊቲካዊ ዕላማ`ውን ነይሩዎ ኢዩ። ዝዓበየ ዕላምኡ ግን ቁጠባዊ ባርነቱ ኢዩ። ንመስዋእትን ስንክልናን ተጋደልቲ ተጠቂሙ ናብ ስልጣን ዝመጸ ጉጅለ ህግደፍ፡ ሕጂ`ውን ንድኻም፡ ሕማምን ሞትን ተጋደልቲ ተጠቒሙ ኣታዊታቱ ከኻዕብት ሕፍር ኣይበለን። ገርይዎ ድማ ኢዩ።

እቶም ዝተፈላለየ ምኽንያት ተጠቒሙ ዘጣየሶም ተጋደልቲ፡ ኣብ ዓሊግድር ቃጽያታት ዓዲሉ፡ ናይ ሓሶት ዋንነት ሂቡ፡ ኣብ ትሕቲ ጥቡቕ ቁጽጽር ናይ መንግስቲ ከም ዝሰርሑ ኢዩ ገይሩዎም። እቶም ገለ ትርፊ ዝረኸቡ መሲሉዎም፡ ምስ ተመነ ዕንቅርቢት እናተቃለሱ ቆጥቍጡም፡ ጽህዮምን ዓጺዶምን ኣብ ፍረ ዘብጽሕዎ ምህርቲ፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ - ናይ ትራክተር፡ ናይ መድሃኒት ወዘተ ዝበሃል ዕዳ ተሰሊዑሉ። ቀጺሉ ነቶም “ዋናታት” ዝተባህሉ ተጋደልቲ፡ መንግስቲ ባዕሉ ብዝሰልዖ ዋጋ፡ ናብ መንግስቲ ጥራይ ክሸጥዎ ኣገዲዱዎም። ሕጂ`ውን እቶም ናብ ቁጠባዊ ጊላነት ከም ዝተቐየሩ ዝተረድኡ ተጋደልቲ፡ ጥራይ ኢዶም ምስ ተረፉ፡ ነቲ ዝተዓደሎም ቃጽያታት ጠንጢኖም ፋሕ ኢሎም። ከይፈተዉ ድማ ነዛ ከብዶም ክዕንግሉ ስለ ዘይከኣሉ፡ ወዶም ጓሎም ኣብ ትሕቲ`ቶም ንሳቶም ንስለ ሃገር ኣብ ገድሊ ከለዉ፡ ገንዘብ ዝኣከቡ ሃብታማት ብዉሑድ ገንዘብ ክቑጸሩ ተገዲዶም። እተን ጀጋኑን ዋዓሩን ተጋደልቲ፡ ኣብ ምውልዋል በትሮ መካይን ተዋፊረን፡ ተዋሪደን ጥራይ ዘይኮና፡ ነዛ ከብደን ክዕንግላ ብዘይምኽኣለን፡ ነብሰን ኣብ ዘሕስር ኩነታት ክወድቃ ዝተገደዳ ከም ዝነበራ`ውን ይዝርበሉ ነይሩ ኢዩ።

***<u>ለ. ናይ ፈርኖ ትካላት፡</u>*** - እዚ ንስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ጥራይ ዝተሓዝአ፡ ብመንገዲ ማሕበር ስንኩላን ተጋደልቲ ኤርትራ (ማስኲተኤ) ዝእለ ፕሮጀክት ኢዩ። ነዚ`ውን ብሰነዳትን ኣሃዛትን ዝተሰነየ ደቒቕ መጽናዕቲ ዘድልዮ`ኳ እንተኾነ፡ ከም ዕላማ ግን ካብቲ ናይ ዓሊ-ግድር ናይ ሕርሻ ፕሮጀክት ዝፍለ ኣይኮነን። ዝፈልዮ ነገር እንተልዩ፡ ኣብ ከተማታት መብራህትን ማይን ኣብ ዘለዎ ቦታታት ዝካየድ ምዃኑ ጥራይ ኢዩ። ብዙሓት ኣብቲ ዓውደ-ውግኣት ምሳይ ዝሰንከሉ፡ ብጉጅለ መልከዕ ዋንነት ትካላት ፎርኖ ዝተዋህቦም ብጾተይ ከም ዘዕለሉኒ ግን፡ እቲ ብመንግስቲ (ብመንገዲ ማስኲተኤ) ብመልክዕ ለቓሕ “ንመስርሒ ኣባይትን መግዝኢ ፎርኖታትን መካየድን ወዲኡ” ተባሂሉ ዝተነግሮም ገንዘብ ዝተጋነነ ምንባሩ፡ እቲ ዝኸፍአ ድማ ለይትን ቀትርን ሰሪሖም ዝኸፈልዎ “ዕዳ” ልዕሊ`ቲ ዝተባህሎም ገንዘብ ክንሱ፡ በብግዜኡ ሓድሽ ስልዲታት እናመጸ፡ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ክወጹ ከም ዘይክኣሉ ኢዮም ዝዛረቡ። ብሓቂ`ውን ካብ ትካላት ፎርኖ ዝርከብ መኽሰብ ብዙሕ ክንሱ፡ እቶም “ወነንቲ” ዝተባህሉ ስንኩላን ተጋደልቲ፡ ካብ ዕለታዊ መግቦም ዝሓልፍ፡ ዝርአ ለውጢ ኣየምጽኡን።

## 3. <u>ሓላፍነት ከም መህደሚ ቁጠባዊ ድኽነትን ውርደትን፡ -</u>

እዚ ክብ ኢልና ዝረኣናዮ ሃስያ ተጋደልቲ ብዘይካ`ቶም ንመጋበርያ ዝተሓጽዩ ውሑዳት፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ተጋዳላይ (እንተላይ ዘይምእዙዛት ዝተባህሉ ላዕለዎት ሓለፍቲ) ዝተደንገገ ብይን ኢዩ። ካብኡ ናብኡ ድማ ኣብ ልዕሊ`ቶም ዝተሰናበቱን ዝሰንከሉን ተጋደልቲ ሃስያኡ ዓቢ ነይሩ። ዋላ`ቶም ብሓገዝ ቤተ-ሰቦም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓርኮትኮት ወሲኾም ናብራኦም ከጻብቑ ዝጀመሩ ጥዩሳት ተጋደልቲ፡ ብመደብ ከም ዘይሰልጦም ተጋይሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣጽፋር ናይቲ ዝተፋነውዎ ውድብ፡ ኣብ ዘዝኸድዎ ሓሊፉ እናጸንሐ ከሰጉሞም ኣይከኣለን። ኣነ ብቐረባ ዝፈልጦም ሰባት`ኳ፡ ዘበገስዎ ናእሽቱ ትካላት ክስጉም ስለ ዘይከኣለ፡ ተመሊሶም ኣብቲ

ዝተፋነውዎ መንግስቲ ብትሑት ደሞዝ ክቑጸሩ ዝተገደዱ፡ ዝበዝሑ ከኣ ምዃን ኣብዩዎም፡ ናብ ስደት ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ሰጊሮም።
ነዚ ዝተዓዘቡ ናብ ሲቪላዊ ህይወት ተመሊሶም፡ በብዝጥዕሞም መንገዲ ህይወቶም ክመርሑ ድሌት ዝነበሮም ገና ዘይተጣየሱ ዝነበሩ ብዙሓት ተጋደልቲ፡ ምጥያስ ማለት ድኽነትን ውርደትን ምዃኑ ኣሚኖም፡ ንዝነበሮም ቦታ ክዕቅቡ ከም ዝሓሸ ኣማራጺ ተቐቢሎም፡ ኩነታት ክሳብ ዝመሓየሽ ነታ ዝተረፈት ሓጻር ዕድመኦም ድማ ምእንቲ`ቶም ዝወልዱዎም ዝነበሩ ናእሽቱ ደቆም፡ ዕረ እናጠዓሞም ሰቕ መሪጾም። ንኣሰራርሓን ፖሊሲታትን ናይቲ ሓድሽ መንግስቲ እንተላይ ነቲ ናይ ሓላፍነት ኣተዓዳድላ ብልቢ ዘይቅበልዎ`ኳ እንተኾኑ፡ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሱ ብጾቶም ዝወረደ ድኽነትን ውርደትን ንምድሓን፡ ነቲ በቲ ሓድሽ መንግስቲ ዝወሃቦም ሓላፍነትን ሓድሽ ናይ ደሞዝ መሳልልን ክቕበልዎ ተገዲዶም። ኣብቲ ኣሰራርሓ ዕግበት ስለ ዘይነበሮም ድማ (ብዘይካ ኣዝዮም ውሑዳት) ንዝተዋህቦም ሓላፍነት ብግቡእ ኣይሰርሑሉን።

ዳርጋ ኣብ ኩለን ሚኒስትሪታት ዝነበሩ ሓለፍቲ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ጥራይ፡ ካብ ላዕሊ ንዝመጾም መምርሒ ኮነ፡ ብታሕቲ ንዝመጾም ጥርዓናትን ርእይቶታትን ከም ዘለዎ ነናብ ዝምልከቶ የሕልፍዎ ነይሮም። ካብቶም ምሉእ ግዜኦም ዝሰርሑ ሓለፍቲ፡ እቶም ንጉሆ ክኣትዉ ከለዉ ፈሪሞም፡ ኣብ ካፋተርያታትን ኣብያተ ሻሂ ናይቲ ዝነበርዎ ቤት ጽሕፈታት ኮፍ ኢሎም ከዕልሉ ዝውዕሉ ሓለፍቲ ዝተዓጻጸፈ ቍጽሪ ነይሩዎም። ከምዚ ኢሉ ከኣ ሓላፍነት ንምዕባለ ሃገርን ንጽቡቕ ናይ ህዝብኻን፡ በቲ ሞያ ንኽትዓቢ፡ ብልቢ እትህንጠየሉ፡ ሞያዊ ብቕዕትካ እተመስክረሉን ብምሉእ ድሌትን ድርኺትን እትሰርሓሉ ዘይኮነስ፡ ከም መህደሚ ቁጠባዊ ድኽነትን ውርደትን ጥራይ ተወሲዱ። ብሰንኩ እቲ ብዘይ እዉጅ ናይ ስራሕ ኣብያ ዝማሰነ ህግደፍ፡ ሎሚ ጭዋዳታቱን መትንታቱን ዝለመሰ፡ ምስሊ ጥራይ ዘለዎ ናብ ኣስከሬን ዝተለወጠ ስርዓት ኮይኑ ንርእዩ ኣሎና።

እቲ ስርዓት ነዚ ናይ ተጋደልቲ (ሓለፍቲ) ዘይዕግበትን ዘይእዉጅ ናይ ስራሕ ኣብያን ካብ ንጉሁኡ ይፈልጦን ይከታተሎን ነይሩ ኢዩ። እንተኾነ ፖሊሲኡ ኣመሓይሹ ህዝብን ተጋደልትን ዝቕበልዎ ኣሰራርሓ ከተኣታቱ ኮነ፡ ነቲ ሚኒስትሪታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ብሓድሽ ዝሰርሕ ሓይሊ ክትክእ ኣይደለየን። ኣብ ክንድኡ ኣቲ ቅንጣብ ፍቕሪ ሃገርን ምዕባሊኣን ዘይግድሶ ስርዓት፡ ነቲ ኩነታት ክጥቀመሉ ኢዩ መሪጹ። ነቶም ብኣሰራርሓኡን ፖሊሲታቱን ዘይዓገቡ ተጋደልቲ ኣብ ዝኾነ ናዕቢ መታን ከይኣትዉ፡ ክሳብ ኣጸቢቕም ዝደኽሙ፡ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ክጸንሑ`ሞ፡ ብኣኡ ኣቢሉ ድማ ተጋደልቲ ኣብ ውግእ እምበር - ምምሕዳር ከም ዘይክእሉ ኣምሲልካ ብውሽጢ ውሽጢ ብምጉስጓስ፡ ካብ ህዝቢ ንምንጻሎም ተጠቂሙሉ ኢዩ። እቶም ተጋደልቲ`ውን ንዘይበቕዑዎ ወይ ዘይደልዩዎ ሓላፍነት ክነጽግዎ ኮነ፡ ብድሌቶም ካብ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ክሰናበቱ ዝፍቀደሎም ኣይነበረን። ምናልባት እንተደለዩ ዋላ`ውን እንተሓተቱ ድማ፡ እታ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃስያኣ ዝዓቢ፡ ናይ ምድስካል ዕድል ተጋጥሞም። እዚ ኣሰራርሓ`ዚ ንዝሓለፈ 24/25 ናይ ናጽነት ዓመታት ብኸምኡ ይኸይድ ስለ ዘሎ ድማ እነሆ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ሰልሚ ከም ዝረገጸት እግሪ ንጥሕልን ንጠፍእን ኣሎና።

## 4. <u>ሰራዊት ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ከም ዝቕመጥ ምግባር፡</u>

ማዕረ`ቲ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝገብሮ ዝነበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሽርሕታት፡ ብመደብ ካብ ህዝቢ ንምጻሎምን፡ ኣብ መንጎ ህዝብን ተጋደልትን ጽልእን ምፍሕፋሕን ንኽዓቢ`ውን ሰሪሑ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን ኮነ ግዝኣት ኢትዮጵያ፡ ወታደራት ካብ ህዝቢ ርሒቆም፡ ኣብ ውሱን መደበራት ኢዮም ዝዕስከሩ ዝነበሩ። ወታደራት ድማ ካብ ሲቪላዊ ህይወት ዝረሓቑ፡ ምስ ህዝቢ ዝራኸብሉ ግዜ ድማ ኣዝዩ ውሱን ከም ዝከውንን ይግበር ነይሩ። እቶም ካብ ንጉሁኡ ንሕማቅ ዘንቀዱ መራሕቲ ናይቲ ውድብ ግን፡ ተጋደልቲ (ወታደራት) - ዝተዓጽወ ኣባይቲ እናከፈቱ፡ ኣብ ማኣከል`ቲ ህዝቢ፡ ምስ መርዑትን ኣንስትን ተሓዋዊሶም ከም ዝነብሩ ኢዮም ዝገበሩ። እዚ ንባዕሉ ኣብ መንጎ እቲ ህዝብን ኣብ መንጎ`ቶም ኣብ ፈቐዶ ገዛውቲ ፋሕ ኢሎም ዝነብሩ ዝነበሩ ተጋደልትን (ወታደራት) ምጥምማትን ምፍሕፋሕን ከም ዝምዕብል ገይሩ። ንዝፍጸሙ ዘይግቡእ ጾታዊ ተርእዮታት፡ ጸማም እዝኒ ብምሃብ ድማ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ዝነበሮ ጽልኢ ንኽዓቢ ብመደብ ሰሪሖሙሉ ኢዮም። እዚ ኣገባብ`ዚ ንባዕሉ፡ ነቲ ቅድም ማይን ጻባን ኮይኑ ዝኸይድ ዝነበረ ህዝብን ተጋዳላይን፡ ቀስ እናበለ ማይን ዘይትን ከም ዝኸውን ገይሩዎ ኢዩ። ኣብዚ`ውን እቲ ቀንዲ ተሓታቲ፡ እቲ ብመደብ ነቲ ፖሊሲ ዘተኣታተወን ዘተግበረን፡ ማዕረ-ማዕረኡ ሕጊ ዘበላሸወን ስርዓት እምበር፡ እቲ ተጋዳላይ ኣይነበረን።

እዚ ክብ ኢለ ዝገለጽኩዎ፡ ገለ ካብ ኩነታት ተጋደልትን ሓለፍትን ህዝባዊ ግምባር ኣብ ድሕሪ ናጽነት ኢዩ። ብውሑዱ ድማ፡ ነቲ ንተጋደልቲ ከም ሓደ ቀጸላ ናይ ሕ/ሰብና ምስ ህዝቢ ከባእሶም ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመንጽር ቁጠባ`ውን ኣጸቢቑ ክሃስዮም ብፖሊሲ ደረጃ ይሰሓሉ ምንባሩ ንምንጻር እኹል ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎንኒ። እዞም ሎሚ ናብ ምሽምጋል ገጾም ዝኸዱ ዘለዉ ተጋደልቲ፡ ሕጂ`ኸ ህሉው ኩነታቶም እንታይ ይመስል ኣሎ ምርኣዩ`ውን ኣገዳሲ እመስለኒ። ነዚ`ውን ብሕጽር ዝበለ ኣብ 3ይ ክፋል ክገልጾ ክፍትን ኢየ።

. . . . ይቕጽል

ታደሰ ኪዳነ
በርሚንግሃም